ንጥቡብ - ብጥቡባዊ ትምህርቲ

እዋናዊ ጉዳያት

ሶሚራ ካሕሳይ

ኢንስቲትዩት 'ሶማፕ' ንትምህርቲ ስልጠና፣ ምርምርን ምኽርን ብ8 ዓውድታት ዘምሃሮም 535 ተመሃሮ፣ ብ26 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ብደረጃ ዲፕሎማ ከም ዝመረቐ ኣቐዲሙ ብማዕከናት ዜና ተገሊጹ'ዩ። እቶም ተመረቕቲ ብዓውድታት ሰክረታርያዊ ሱፍልጠትን ምሕደራ ቤት-ጽሕፈትን ምሕደራ ዋጋን ኣተሓሕዛ ሕሳብ፣ ሱምምሃርና፣ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን፣ ንስራሕ ዘገልግል ቋንቋ እንግሊዝ፣ ጥበባት ትያትርን ብሕጊ ንግድን ዝሰልጠኑ'ዮም ነይሮም።

ኢንስቲትዩት 'ሶማፕ' ብጥበባት ትያትር ከምሃርም ዝጀነሐ ጉዳይም ስነ ጥበበኛታት ዝርከብዎም ተማሃሮ፣ ብ26 ታሕሳስ ንኻልኣይ ግዜኡ'ዩ ኣመሪቑ። ከም ዝፍለጥ ኣብ ሃገርና፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ዓውዲ ጥበባት ትያትር፣ ዓመዩቐን ክሳብ ብደረጃ ዲፕሎማ ዘሰይድ ትምህርቲ ክወሃብ ኣይጸንሐን። ተገዲዩ ክሓልፍ ዘይግብኡ፣ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ፣ ኣብ ዓውዲ ድራማን ካልኦት ንጥቡብ ዝምልከቱ ዓውድታት፣ ካብ ወሸጢ ዓድን ካብ ወጻኢን ክኢላታት መምሃራን እናምጸኡ፣ ሓጸርቲ ኩርሳት ክህብ ጸኒሑን ሕጂ'ውን ይህብ ኣሎ። ኢንስቲትዩት 'ሶማፕ' ድማ ንትምህርቲ ጥበባት ትያትር ከም ካልኦት ዓውድታት ርእሱ ዝኸኣለ ዓውዲ ብምግባር ዛጊት ንኻልኣይ ግዜኡ ተማሃሮ ከመርቕ በቒዑ ኣሎ።

ኣብ ዓውዲ ትያትርን ካልኦት ናይ ስነ ጥቡብ ዓውድታት ክስርሑ ዝጸንሑን ዘለዉን ስነ ጥበበኛታትና፣ ገለ ወሑዳት ገዲፍካ፣ እቶም ዝበዝሑ ብፍታቶም ጻዕርን ተመኩሮን'ዮም ሰለይ ክብሉ ጸኒሖም። ኣፍልጦ ናይቲ ዝሰርሑሉ ዓውዲ ዓሚቝን ብትምህርቲ ዝተሰነየን ብምዃኑ ድማ፣ ስርሓት ስነ ጥቡብ ሃገርና ከም'ቲ ዝድለ ሰጉሙ ክበሃል ኣይከኣለን። ብዙሓት ወገናት ድማ 'ስነ ጥበባዊ ስራሕና ዝድኽም ዘሎ፣ ሰራሕቱ ትምህርትን ኣፍልጦን ናይቲ ዓውዲ ስለ ዘይብሎም'ዮም' ዝብል ነቐፌታ ከሰምዑ ጸኒሖምን ኣለዉን። ሕጂ ግና ብሳላ ጻዕሪ ኢንስቲትዩት ሶማፕ፣ ሃገራዊ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ዝነበረ ትምህርቲ መንግስትን እዚ ነቐፌታ'ዚ ፈውሲ ዝረኸበ ይመስል ኣሎ። ድሮ'ኳ ኢንስቲትዩት ሶማፕ ብዓውዲ ጥበባት ትያትር ንኻልኣይ ግዜኡ ተማሃሮ ከመርቕ ብምኽኣሉ፣ ተመረቕቲ ኣብ ስራሕ ስነ ጥቡብ ሃገርና ለውጢ ከምጽኡ'ዮም ናብ ዝብል ተስፋ መሪሑ ኣሎ።

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብ26 ታሕሳስ ንዝተመረቑ ስነ ጥበበኛት ከምኡ'ውን ሓላፊ ዓውዲ ቢዝነስ ኢንግሊሽን ትያትራል ኣርትን መም/ የሴፍ ገብረየሃንስ ቃለ መሕትት ኣካይዳ ኣላ ሰዓቡ ይቐርብ።

መም/ የሴፍ ገብረየሃንስ

መም/ የሴፍ ገብረየሃንስ ኣብ ኢንስቲቱት ሶማፕ ሓላፊ ዓውዲ ቢዝነስን ትያትራል ኣርትን'ዩ። ንሱ ካብ ዩኒቨርስቲ ዓዲ ኢንግሊዝ ማስተራይት ዲግሪ ዝረኸበን ኣብ ኢንስቲቱት ሶማፕ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ከም መምህር ኮይኑ ዝሰርሐ ዘሎ ዜጋ'ዩ። ትያትራል ኣርት ንኽምሃረት ንዋና ዳይረክተር 'ሶማፕ' ዶክተር ተስፋይ ሃይለ ናይ ፈለማ ሓሳብ ዘቕረበ'ውን ንሱ'ዩ፣ ብዛዕባ'ዚ ከምዚ ብምባል ይገልጽ፤

"ዓውዲ ጥበባት ትያትር ካብቲ ኣዝዩ ዝፈትዎን ክምሃሮ ዝደለኹን ዝነበርኩ ዓውዲ'ዩ። ቀዳማይ ዲግሪ ናይ ዩኒቨርስቲ ካብ ኣምጺኦ ናይ ኢትዮጲያ ክሽይድ እንከለኹ'ውን ባህገይ ትያትራል ኣርት ንምጽናዕ'ዩ ዝነበረ። ኣብ ኢንስቲቱት 'ሶማፕ' ከም መምህር ኮይነ ምስ ተቖጸርኩ ድማ፣ እዚ ዓውዲ'ዚ ኣብ ወሽጠይ ብምንባሩን ብዓቢኡ ድማ ከም ካልኣይ ሞያይ ዝጥፈሉ ብምዃነይ ንዶክተር ተስፋይ ሃይለ ክምስረት ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ኣቕረብሉ። ዶክተር ድማ፣ ቤት ትምህርቲ ሶማፕ ዕላማኡ ኣብ ኩሉ ዓውዲ ንዝርከቡ ተማሃሮ ልዑል ፍልጠት ምቕሳም ስለ ዝኾነ፣ ሓሳበይ ብምቕባል ጥበባት ትያትር ዝምህር ዓውዲ ንኽጀመር ምስኡ ምድግጋፍ ከም ዝነበረለይ ቃል ኣትዩለይ። ዓውዲ ጥበባት ትያትር ክምስረት እንከሎ ዋላ ደኣ ከም ሓሳብ ካብይ ይበገስ'ምበር ዝተፈላለዩ ክኢላታት፣ ስነ ጥበበኛታት ከምኡ'ውን ኣካላት መንግስቲ ዕዙዝ ኣበርክቶ ነይርዎም'ዮም። እዞም ሕጂን ኣቐዲሞም ዝተመረቑን ተማሃሮ ድማ ካብ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ ማለት ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ፣ ሚኒስትሪ ምክልኻል፣ ሚኒስትሪ ጥዕናን ካልኦትን ዝመጹ'ዮም። ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ዓሰርተ ተማሃሮ ሰዲዶሙልና፣ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣርባዕተ ተማሃሮ ሰዲዳ፣ ሚኒስትሪ ምክልኻል'ውን ከምኡ። ንኣቶም ተማሃሮ እንተዘይሰዱ ዓውዲ ጥበባት ትያትር ክውን ኣይምኾነን። ብፍላይ ምስ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጎስጓስን ሓበሬታን ጽቡቕ ናይ ስራሕ ዝምድናና'ዩ ዘለና" ብምባል ዓውዲ ጥበባት ትያትር ከም ዓውዲ ንክቕጽል ብዙሓት ደገፍቲ ከም ዝነበርዎን ዘለውዎን ይገልጽ።

ኢንስቲቱት ሶማፕ ንዓውዲ ጥበባት ትያትርን ንኻልእ ዓውዲታትን ካብዚ ዘለዎ ናይ ዲፕሎማ ደረጃ ከዕብዮ ሓሳብ ከም ዘለዎ ሓላፊ ቢዝነስ ኢንግሊሽን ትያትርካል ኣርትን መም/ የሴፍ ገብረየሃንስ ይሕብር። ብፍላይ እቲ ንኻልኣይ ግዜኡ ተማሃሮ ተመረቕሙሉ ዘለዉ ዓውዲ ጥበባት ንምስፋሕን እዞም ተመረቕም ዘለዉ ተማሃሮ ፍልጠቶም ዘዕምቑሉ ኩነታት ክፍጠርን ምስ መሻርኽቲ ብሓባር ጻዕሪ ይግበር ከም ዘሎ ዝሕብር መም/ የሴፍ፣ ኢንስቲቱት ሶማፕ ካብዞም ከምህርም ዝጸንሐ ተማሃሮ ፍርቂ ናይ ወጻኢታቶም ከም ዝሸፈነ ይገልጽ።

ስነ ጥበበኛ ደሱላቕ ገረዝሄር ሓደ ካብ ተመረቕቲ፣ ተማሃሮ ኮይኑ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጨንፈር ባህሊ ምዕራባዊ ግንባር ሓላፊ ባህሊ'ዩ። ደሱላቕ ኣብ ዓውዲ መዚቃ ዝጠጥፍ ዘሎ ኮይኑ ሃገራዊ በዓላትና ንምድማቕን ንምምዕራግን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚን ንደምጻውያን ዜማን ግጥምን ብምስራሕ ዝጠጥፍ ዘሎ ስነ ጥበበኛ'ዩ። ንሱ ኣብ ኢንስቲቱት ሶማፕ ብዓውዲ ጥበባት ትያትር ን2 ዓመት ተማሂሩ ብልዑል ነጥቢ (Great Distinction) ክምረቕ ዝበቕዐ'ዩ። ንሱ ንትምህርቱ ኣመልኪቱና ዘቕረበልና ሕቶ ብኸምዚ ዝስዕብ ይምልስ፤

"ኣብ ኢንስቲቱት ሶማፕ ዝረኸብናዮ ትምህርቲ ቀዳማይ ሕጂ ፈጺምና ዘይረኸብናዮ'ዩ። ኣብዚ ዓውዲ'ዚ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ዝጸንሕ ናይ ሓጻር ግዜ ኮርሳት'ዩ ዝወሃብ ነይሩ። ኣብ ሶማፕ ግን ንኽልተ ዓውድታት ዝጥርንፍ፣ ኣጉዚብ ምርምር፣ ሳይኮሎጂ፣ ፈለዝፌ ካልእን ዓውዲታት ዘጠመረ ትምህርቲ ኢና ቀሲምና። ብሓጺሩ እዚ ቀሲምናዮ ዘለና ትምህርቲ ምስ ናይ ቀዳማይ ሕጂ ዝወሰድናዮ ሓጸርቲ ኮርሳት ክወዳደር እንከሎ ዓቢ ፍልልይ'ዩ ዘለዎ" ብምባል'ዩ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ኢንስቲቱት ሶማፕ ዝወሰድዎ ትምህርቲ ዝገልጽ።

ተመራቒ ደሱላቕ ገረዝሄር

ትምህርቲ ዕድመ'ኳ ዘይብሉ እንተዘይተካ ኣብ ስራሕን ሓላፍነትን ምስ ተዋፈርካ ንምግጣሙ ዝኸብድ ብደሆ ግና ቀሊል ኣይኮነን። እዚም ብዓውዲ ጥበባት ትያትር ተመረቕም ዘለዉ ተማሃሮ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስድራን ናይ ስራሕ ሓላፍነትን ዝርከቡ'ዮም። ስራሕን ካልእ ናይ መንበሮ ጸቕጥን ምስ ትምህርቲ ኣዛሚደም ብኸመይ ማኪዶሞ ዝብል ሕቶ ድማ መልሲ ዘድልዮ እዩ። ስነ ጥበበኛ ደሱላቕ ክምልስ እንከሎ፣ "ኣብ ማስርሕ ምምሃር ብወከይ ብደሆ ነይሩኒ'ዩ። ናይ ኣሃዱ ንጥፈታት ከምኡ'ውን ዘይተርፍ መጎሻ ዘጋጥመኒ እዋን ነይሩ። በዚ ምኽንያት ኣብ ገለ እዋን ፈተና ዘይሳተፍኩሉ እዋን ኣሎ። ትምህርትን ስራሕን ብሓባር የጣምሮ ብምንባረይ ንመጽናዕቲ ዝኸውን ግዜ ይሓጽረኒ ነይሩ። እንተኾነ ኣብ ክፍሊ ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ብጥበእ ይከታተል ብምንባረይ ኣብ ዓወት ክበጽሕ ክኢለ" ብምባል ብብደሆታቱ ከይተሰነፈ ብልዑል ነጥቢ ክምረቕ ከም ዝኸኣለ ይሕብር።

ስነ ጥበበኛ ደሱላቕ ገረዝሄር ጸቒጡ ዝሰርሓሉ ዓውዲ ሞያ መዚቃ'ዩ። ኣብ ኢንስቲቱት ሶማፕ ዝወሰዶ ትምህርቲ ኣብ ሞያኡ ማዕረ ክንደይ ክሕግዞ'ዩ ዝብል ሕቶ ድማ ከምዚ ብምባል ይምልሱ፤

"ትምህርቲ ትያትራል ኣርት ብጠለ ዓውደ ትምህርቲ ምስ መዚቃ ይተሓሓዝ ነይሩ'ዩ። ብርሃን፣ ድምጺ (sound system)፣ ዳይረክተርን ቪደዮ ክሊፕን ሜክ ኣፕን። ስለዚ ዝወሰድክዎ ትምህርቲ ብቐጥታ ምስ ሞያይ ቅርበት ስለ ዘለዎ ኣብቲ ብውልቀይ ዘፍርዮ መዚቃ ይኹን ኣብቲ ዝህቦ መኣረምታ እኹል ኣፍልጦ ክህልወኒ'ዩ። እዚ ትምህርቲ ኣብ ሳይንስ ምርኩስ ስለ ዝነበረ ኣብ ምዕባለ ስርሐይ ወጻኢታዊ ተራ ክህልዎ ከም ዝኸኣል እምነተይ ልዑል'ዩ" ብምባል ድማ የረድእ።

ንሱ ስነ ጥበበኛ ደሱላቕ ገረዝሄር ድሕሪዚ መመረቕታ ካብኻን ካብ ካልኦት እንታይ ኢና ክንጽበ ዝብል ሕቶ ኣቕሪብናሉ ነርና። "ኣብ ሃገርና ብቑጽሪ ብዙሓት ስነ ጥበበኛታት ብዙሕ ፍርያት ናብ ህዝቢ የቕርቡ እዮም። እንተኾነ ኣብ ዓይነት ኣፅጋቢ ኣይኮነን። እዚ ትምህርቲ እዚ ግና ኣብ መቐይሮ ስነ ጥበብ ሃገርና ኣበርክቶ ክህልዎ'ዩ ዝብል ተስፋ ኣሎኒ። ምስ ኩሎም ተመረቕቶ ብጾተይ ሓቢርና እንተሰሪሕና ወጻኢታዊ ስራሕ ከም እንፈሪ ድማ እምነተይ ልዑል'ዩ" ብምባል ፍልጠት ኣብ ኩሉ ዓውዲ ዘለዎ ተራ ይገልጽ። ኣብ መወዳእታ ደሱላቕ ከምዚ ብምባል ምስጋናኡ ይገልጽን ለበዋኡ የመሓላልፍን፤

"ጥበባት ትያትር ሓደሽ ዓውደ ትምህርቲን ኣብ ሶማፕ ዝጀመረ'ዩ። ኣብ ስነ ጥቡብ ሃገርና ዓቢ ኣስተዋጽኦ ስለ ዘህልዎ ድማ ካብ ሳላለዎ ትካላት ትምህርቲ ልዕሊ ምድግጋፍ ከይፍለዮ እምሕጸን። ሚኒስትሪ ምክልኻል ብፍላይ እዚ ምዕራባዊ ግንባር ጎስጓስ ሓበሬታን ስለ ዘማሃረና ከምኡ'ውን ቤት ትምህርቲ ሶማፕ ብፍላይ ንዶክተር ተስፋይን መምህር የሴፍ ልዑል ምስጋናይ ኣቕርበሎም።"

ስነጥበበኛ ሰዶና ረድኢ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቅድስቲ ማርያም'ያ ተማሂራ። ኣብ ተለቪዥን ኤርትራ ኣብ ተዋስኦ ስድራ፣ ኣብ ዝጠዝሕ ናይ ትግርኛ ፊልምታት ድማ ዝተፈላለየ ገጸ ባህሪ ሒዛ እትዋሳእን ካብ ህዝቢ ዓቢ ኣድናቖት ረኺባ ዘላ ወርዪት ተዋሳኢት'ያ። ሰዶና፣ ኣብ ኢንስቲቱት ሶማፕ ብዓውዲ ጥበባት ትያትር ንኽልተ ዓመት ክትማሃር ድሕሪ ምጽናሕ ብ26 ታሕሳስ ዝተመረቐት ተዋሳኢት'ያ።

ስነ ጥበበኛ ሰዶና ረድኢ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሶማፕ ክትመሃር ዝደረኻ ምኽንያት ክትገልጽ እንከላ፣ "ኣብ ቤት ትምህርቲ ሶማፕ ክመሃር ዝደረኸኒ ቀንዲ ምኽንያት ንሞያይ ብፍልጠት ከማዕብሎ ስለ ዝደለኹ'ዩ።" ብምባል ግብሪ ብዘይ ትምህርትን ፍልጠትን ምሉእ ከም ዘይከውን ትሕብር።

ተመራቒት ሰዶና ረድኢ

ተዋሳኢት ሰዶና ረድኢ ኣደ ሓንቲ ቈልዓ'ያ። ኣደ ኮይና ጓላ እናዕበየት ግና ንኽልተ ዓመት ተማሂራ ኣብ ምምራቕ በጺሓ ኣላ። ኣደ ምዃንን ትምህርቲን ብኸመይ ከም ዘሰነየቶ ክትገልጽ እንከላ፣ "ህጻን ስለ ዘላትኒ ሕጽረት ግዜ የጋጥመኒ ኔሩ'ዩ። ግና ንኹሉ እናማላእኩ ስለ ዝተማሃርኩ ከም ዘይወዳእ የለን ኣብ መመረቕታ በጺሐ ኣለኹ። እዚ ትምህርቲ'ዚ ካብ ልቢ ዝምጽኦ ዝነበርኩ'ዩ። እቲ ዝምጽኦ ዝነበርኩ ትምህርቲ ረኺበ ዕላማይ ስለ ዘወዓቕኩ ድማ ሕልመይ ከም ዝሰመረ'የ ዝኣምን። ቅድሚ ሕጂ ብዙሕ ሰብ ከም ዝፈልጦ ኣብ ተዋስኦ ጥራሕ'የ ዝነጥፍ ኔረ። ኣብዚ ቤት ትምህርቲ ምስ መጻእኩ ግና ብዙሕ ነገር ከሰብ ኣለኹ። ዝቐሰምክዎ ፍልጠት'ውን ሓያሊ ፈጢሩለይ ኣሎ። ድሕሪዚ መመረቕታ ድማ ናተይ ፍርያት ናብ ህዝቢ ከቕርብ ተስፋ እገብር" ብምባል ዝቐሰመቶ ትምህርቲ ብግብሪ ክትርጉሞ ተዳሊያ ምህላዋ ተረጋግጽ።

ሰዶና ከምኣ ንዘኣመሰሉ ዕድል ናይ ትምህርቲ ዘይረኸቡ ናይ ሞያ ብጾታ ተመሓላልፎ መልእኽቲ ኣለዋ። "እዚ ንሕና ረኺብናዮ ዘለና ዕድል ካልኦት ከማና ዝኣመሰሉ ኣብ ሞያ ጥቡብ ዝጠፍኡ ስነ ጥበበኛታት እንተ ዝረኽብዎ ኣብቲ ስራሕ ኣድማዕነት ክህልዎ ምኸኣለ። ስለዚ ኣብዚ ሞያ ሓበርና ክንዓዕብል ምእንቲ እቶም ነዚ ትምህርቲ'ዚ ዘይረኸብዎ ብዑትና ክረኽብዎ ተስፉ እገብር" ድሕሪ ምባል ኣብ መወዳእታ ንቤት ትምህርቲ ሶማፕ ንሰለ'ቲ ዝነበረሎም ደገፍን ኣቀባብላን ብዓቢኡ ድማ ትምህርቲ ክትቀስም ዕድል ዝፈጠረላ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ፣ ዓውደ ትምህርቲ ትያትራል ኣርት ክምስረት ዓቢ ተራ ዝተጻወተ መም/ የሴፍ ገብረየሃንስ፣ ንስድራ ቤታ ብልቢ ከም ተማስየን ብምግላጽ ሓሳብ ትዛዝም።

ስነጥበበኛ ወይኒ ሰለሞን ሓንቲ ካብቶም ሰሚ ዓመት ብዓውዲ ጥበባት ትያትር ዝተመረቐት ደምጻዊት'ያ። ንሳ ቀንዲ ትነጥፈሉ ሞያ ተዋስኦን ደርፍን'ኳ እንተነበረ ኣብዚ እዋንዚ ግና ዝያዳ ኣብ ደርፊ ጸቒጣ ትሰርሕ ከም ዘላ'ያ ትሕብር። ደምጻዊት ወይኒ ክሳብ ሕጂ ንገስ እምነትን ካልኦት ጠዕመ ዜማ ዘለዎም ደርፍታትን ክልተ ክሊፕን ንህዝቢ ኣቕሪባ ኣላ። ብፍላይ 'ንገስ እምነት' ዝሰመየታ ደርፊ ካብቶን ብህዝቢ ተቐባልነት ዝረኸበ ደርፍታታ ሓንቲ'ያ። ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ - ዓራርብ ዝተወልደት ደምጻዊት ወይኒ፣ 'ተዋስኦ ካብ ግዜ ቈልዕነት'የ ጀሚረዮ፣ ዝያዳ ዝፈትዎ ሞያይ ግና ደርፊ'ዩ' እያ ትብል። ንትምህርታ ኣመልኪታ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ትብል። "ቤት ትምህርቲ ሶማፕ ክኣቱ ዝደረኸኒ ፍልጠት ንምቕሳም ዘለኒ ድሌትን ቅንእን'ዩ። ኑበሰይ ብዓውዲ ጥቡብ ተመሪቓ ክርእያ እንከለኹ ድማ ደስታ እሰምዓኒ። ኣብ ሂወተይ ዓቢ ነጥበ መቐይሮ ገይረ ኣለኹ" ብምባል ካብ ዝበረቶ ገለ ደረጃታት ወሲኻ ከም ዘላ ተረጋግጽ።

ደምጻዊት ወይኒ ሰለሞን በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ቈልዑን'ያ። በዓል ቤታ ደገ ስለ ዘሎ ድማ ዕማም ምእላይ ቈልዑ ናይ ብሕታ'ዩ ዘሎ። እንተኾነ ንኹሉ በዲሃ ዝጀመረቶ ትምህርቲ ኣብ ዓወት ኣብጺሓቶ ኣላ። "ክዕወት'የ እንተልካ ማሰዋእቲ ክትከፍል ግድን'ዩ። ትምህርቲ ምስ ቈልዑ ምእላይን ምብኣሮን እሞ ድማ ንበይንኻ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ።

ተመራቒት ወይኒ ሰለሞን

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል